12 የካቲት 2024

# ስታድዩም ኣቮንዳለ (Avondale Stadium)፡ ነቲ ውሩይ ኣሰልጣኒ ክብሪ ንምሃብ ተባሂሉ ስሙ ናብ Napoleon B. Cobb ተቐዪሩ

DeKalb County፡ ነቲ ኣዝዩ ብሉጽ ህይወትን ሞያን Cobb ክብሪ ንምሃብ፡ ስም Avondale Stadium ናብ *Napoleon B. Cobb Stadium at Avondale* ብምቕያር፡ ስም'ቲ ግኑን ኣሰልጣኒ ንዘልኣለም ከምዝዝከር ገይራ ኣላ። እቲ 8 የካቲት ዝተኻየደ በዓል፡ ኣብ መበል 80 ዓመት ዕድሚኡ ብሞት ንዝሓለፈ Cobb ኣመልኪቱ ዝተገብረ ጽምብላዊ ዝኽሪ ነይሩ፣ እዚ ድማ ኣብ DeKalb County ንዝሳተፉ ኣተሌታት ካልኣይ ደረጃ ንዝገበሮ ዓቢ ጽልዋ ንሓዋሩ ንምዝካር እዩ። ኣሰልጣኒ Cobb፡ ብኹሉ ዓይነት መምዘኒ፡ ምስሊ ናይቲ ኣብ 1970ታት ኣብ Gordon High School ስራሕ ካብ ዝጀመረሉ ግዜ፡ ኣብ ኩዑሶ እግሪ ከምኡውን ኣብ ጉያ መስመርን ሜዳን ናይ ዝገበሮ ተወፋይነት፡ ብሉጽነትን ኩስኮሳን እዩ።

ውላድ'ዚ ግኑን ኣሰልጣኒ ዚኾነ Jabari Cobb፡ ብምኽንያት'ቲ ኣቦኡ ኣብ ስታድዮም ዘካይዶ መሳጢ ውድድራትን ብመሪሕነቱ ዘምጽኦ ታሪኻዊ ዓወታትን ብምዝካር፡ ስድራቤቱ፡ ስለቲ ዝሰርሖ ኣዝዩ ዕዙዝ ስራሕ ኣመልኪታ ዓሚቑ ምስጋና ከምእትህብ ገሊጹ።

“Avondale Stadium፡ ንኣሰልጣኒ Cobb ፍሉይ ቦታ ነይሩ። ኣብ መንጎ Gordonን Avondale Blue Devilsን Druid Hills Red Devilsን ዝተኻየደ ብዙሕ [ውድድራት ኣትለቲክስ] ኣብዚ ቦታተኻዪዱ እዩ” ብምባል Jabari Cobb ተዛሪቡ።. “ኩሉ ግዜ ምሸት ዓርቢ ኣብዚ ቦታ'ዚ ይካየድ ነይሩ፣ ብዛዕባ'ቲ ዓበይቲ ጸወታት ዚምልከት ዓቢ ዛንታታት ድማ ይነገረና ነይሩ።”

ኣብ 1964 ካብ Tennessee State University ባችለር ዲግሪ ትምህርቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ (Bachelor of Science in Physical Education) ረኺቡ፣ ቀጺሉ ድማ ኣብ Chicago ኣብ ዝርከብ DuSable High School ከም መምህርን ኣሰልጣንን ኮይኑ ስራሕ ጀሚሩ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ Berkeley High ኣብ ኩዑሶ እግሪን ጉያ መስመርን ኣተኩሮ ብምግባር ናይ ምስትምሃርን ስልጠናን ሞያ ናብ ዝቐጸለሉ Berkeley, California ግዒዙ እዩ።

ኣሰልጣኒ Cobb ናብ ጆርጅያ ዝተመልሰሉ ምኽንያት፡ ኣዲኡ ናይ ጥዕና ጸገም የጋጥማ ስለዝነበረ እዩ። እቲ ንዕኡ ዝኹስኩሶ ዝነበረ ኣሰልጣኒ፡ ካብ Atlanta Public Schools (*APS*) ንላዕሊ ንDeKalb County Schools ክመርጽ ኣተባቢዕዎ።

“ከምዚ ድማ ኢሉ ተዛሪቡ፥ ‘ናብቲ መበቆልካ ዝኾነት APS ኣብ ክንዲ ምኻድ ናብ ጆርጅያ እንተኼድካ፡ DeKalb ተባሂሉ ዚጽዋዕ ቦታ ኣሎ። ሓደ-ሓደ ዓቢ ነገራት የጋጥም ስለዘሎ፡ ናብ DeKalb ክትመጽእ የድልየካ እዩ’” ብምባል Jabari ተዛሪቡ። “ንኽልተ ዝተፈላለየ ሃገራት ኣሰልጣኒ ንኽኸውን ዕድላት እኳ እንተነበሮ፡ ንሱ ግን ‘ክትፈልጡ ኣብ DeKalb ክብሪ ስለዘሎኒ'ዩ’ ብምባል ተዛሪቡ። ኣብ DeKalb County ንዝርከቡ ንኣሽቱ መንእሰያት ፍቕሪ ነይርዎ።”

ኣሰልጣኒ Cobbን በዓልቲ ቤቱን፡ ኣብዚ -ሕጂ McNair Middle School- ተባሂሉ ዚጽዋዕ ኣብ ጥቓ Gordon High School ገዛ ዓዲጎም፣ ኣብ 1972 ድማ ኣብ Gordon ክምህርን ከሰልጥንን ጀሚሩ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ጐኒ'ቲ ውሩይ ኣሰልጣኒ DeKalb County ዝነበረ William “Buck” Godfrey ኮይኑ የሰልጥን ነይሩ። ኣቦኡ፡ ኣብ DeKalb ዓቢ ነገር የጋጥም ከምዘሎ ኩሉ ግዜ ይሕብረኒ ነይሩ፣ ነቲ ዕድል'ቲ ድማ ከሕልፎ ኣይደለን ነይሩ ብምባል Jabari ተዛሪቡ።

እቲ ዝተረኽበ ውጽኢታት ድማ ዜካትዕ ኣይኮነን።

Cobb፡ ኣብቲ ብክፍለ-ሃገር ደረጃ ዝተኻየደ ሰለስተ ውድድራት ጕያ መስመርን ሜዳን ድሕሪ ምዕዋቱ፡ ንMorehouse College ንኸሰልጥን ኢሉ ኣብ 1978 ንGordon ሓዲግዋ። ምስ Godfrey ዳግማይ ኣብ ዝተጸንበረሉ Southwest DeKalb High School ንኽምህርን ንኸሰልጥንን ኢሉ ኣብ 1989 ቅድሚ ምምላሱ፡ ኣብዚ ኮሌጅ'ዚ ን11 ዓመታት ኣሰልጢኑ።

ኣብ Southwest DeKalb High ዝሰርሖ ዝነበረ ናይ ፈለማ ስራሕ፡ ኣብ ሸውዓተ ውድድራት ጕያ መስመርን ሜዳን ክፍለ-ሃገር ተዓዊቱ፣ ንTerrance Trammellን Angelo Taylorን ድማ ኣብ ውድድራት ኦሎምፒክ 2000 ንኽሳተፉ ሓጊዝዎም እዩ። ኣብ 2004፡ ኣብ ኣቴንስ፡ ግሪኽ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ኦሎምፒክ ንTrammellን Taylorን ንኸሰልጥን ዕድል ረኺቡ ነይሩ። ኣብ 2007፡ ንSouth DeKalb High ሓዲጉ ክኸይድ ከሎ፡ ኣብ 2011 ቅድሚ ምምላሱ ድማ ናብ Morehouse College ዳግማይ ብምኻድ ሰሪሑ። ኣብዚ ናይ ምስልጣን ግዚኡ ድማ Panthers ክልተ ካልኦት ናይ ክፍለ-ሃገር ዓወታት ንኽትረክብ መሪሒዋ፣ እዚ ድማ ድሕሪ 2016 ናይ ጸወታ ወቕቲ ንስራሕ ስልጠና ብወግዒ ዘቛረጸሉ ግዜ ነይሩ።

“ኣብ ውድድር ጕያ መስመር ኣብ ዘሰልጥነሉን ዘየሰልጥነሉን እዋን ዝገበሮ ዘይሕለል ጻዕርታት፡ ኣብ ህይወት'ቶም ዘሰልጠኖም ሰባት ጽልዋ ኣምጺኡ እዩ። ኣሰልጣኒ Cobb፡ ኣብ ዝጸልመተ እዋናት መሪሑ ዘውጽኣና ፋና ብርሃን እዩ” ብምባል Taylor ተዛሪቡ። “ኣብ ትሕቲ መሪሕነቱ፡ ዓወት በቲ ኣትረኽቦ ብሉጽ ውጽኢት ጥራይ ዘይኮነስ፡ በቲ ኣብ ጕያ መስመር ኣብ እንህልወሉን ኣብ ዘይንህልወሉን እዋን እነርእዮ ጽንዓትን ቅንዕናን ከምዝዕቀን ተማሂርና።

“ኣብ ገዛእ-ርእስና ጥርጣረ ኣብ እንገብረሉ እዋን ከይተረፈውን ኣባና እምነት ብምሕዳሩ፡ ንኣሰልጣኒ Cobb ከመስግኖ እደሊ። እዚ ስታድዩም፡ ምስክር ናይቲ ብሉጽ ውርሻኡ ኮይኑ ንዘልኣለም ኪነብር እዩ።”

ተወካሊ ክፍለ-ሃገር ጆርጅያ፡ Omari Crawford፡ ንባህግታት ኮሌጅን ውልቅን ኣብ ምፍጻም ሓገዝ ብምግባሩ ንኣሰልጣኒ Cobb ክብሪ ዝህብ ካልእ ደጋፊኡ እዩ። ኣብቲ ንሱ ዝውክላ ኣውራጃ ክፍለ-ሃገር ዘላ ስታድዩም፡ ስም ናይቲ ኣሰልጣኒኣ ክትወስድ ብምኽኣላ ሓጐስ ይስምዖ።

“ኣሰልጣኒ Cobb፡ ኣሽሓት ንኣሽቱ ጸለምቲ ኣትሌታት ተማሃሮ ናብ ኮሌጅ ንኽኣትዉ ተሓጋጊዙ እዩ። ኣካል ናይዚ ውርሻ'ዚ ብምዃነይ ሓጐሰይ ንኽገልጸሉ ኢለ ብተደጋጋሚ ምስኡ ተዘራሪበ እየ” ብምባል Crawford ተዛሪቡ። “እዚ ሰብ'ዚ፡ ከምቲ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ፡ ኣዝዩ ግኑን ብምዃኑ፡ በቲ ዝሃቦ ኣገልግሎት ድማ ኣዝየ ሕጉስ እየ። ከማይ ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ መንእሰያት ኣብ ምፍራይ ናይ ገዛእ-ርእሱ ውርሻ ብምዃኑ ኣመስግኖ።”

ኣሰልጣኒ Coach፡ ኣብ መላእ'ቲ ናይ ስራሕ ዘበኑ፡ ኣሰልጣኒ ጥራይ ዘይኮነስ ንብዙሓት መልማሊ፡ መሃዛን ኣቦን ኮይኑ እዩ። እቲ ናይ ምስልጣን ፍልስፍናኡ፡ ካብ ውድድር ጕያ ሜዳን ኩዑሶ እግርን ሓሊፉ፡ ኣብ ምህናጽ ጽንዓት፡ ቅንዕናን ምሉእ ምዕባለ ዓቕምታት ኣትሌታትን ዜተኮረ ነይሩ።

ከምቲ ብኹሉ ሰብ እተሓበረ፡ እዚ ግኑን ኣሰልጣኒ፡ ኣገራሚ ዚኾነ 11 ሽልማታት ክፍለ-ሃገር፡ ሃገራዊ ሻምፕዮናን 14 ሽልማታት ወረዳን ብምምጻእ፡ ንናይ ምስልጣን ሞያኡ ዘዚሙዎ። ውድድር ሻምፕዮና ጕያ መስመርን ሜዳን ኣውራጃ፡ ብስም ኣሰልጣኒ Cobb ተጸዊዑ።

እዚ ውሩይ ኣሰልጣኒ፡ ጡሮታ ቅድሚ ምውጻኡ ሓይሎ ሽልማታትን ክብርታትን ረኺቡ እዩ። ናይ Georgia High School ናይዚ ዓመት'ዚ ኣሰልጣኒ ኣትሌቲክስ ጕያ መስመርን ሜዳን ን10 ግዜ ተዓዊትሉ፣ ብNational Track and Field Association፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ኣሰልጣኒ ውድድር ጕያ መስመርን ደቡብ ምብራቓዊ ዞባ ዝብል ክብሪ ረኺቡ፣ ናይዚ ዓመት'ዚ ኣሰልጣኒ ክበብ ጕያ መስመር ኣትላንታ (Atlanta Track Club) ተባሂሉ ተመሪጹ፣ ብኮሚቴ ኦሎምፒክ ሕ. መ. ኣ (United States Olympic Committee) ናይ ኣተለታት ኦሎምፒክ ውልቃዊ ኣሰልጣኒ ተባሂሉ ክብሪ ረኺቡ፣ ኣብ መዝገብ ክብሪ Southwest DeKalb High School ከምዚሰፍር ኮይኑ፣ ኣብ መዝገብ ክብሪ Georgia Athletic Coaches ድማ ከምዚኣቱ ኮይኑ እዩ።

ኣሰልጣኒ Cobb፡ ነቲ ዝነበሮ መሳጢ ናይ ምሉእ ህይወቱ ጽንዓትን ጽልዋን ዝኸሪ ንምሃብ እዚ ክብረ'ዚ ንብዙሕ ዓመታት ንኺቕበል፡ ኣባል ቦርድ Vickie B. Turner ተጣቢቓ እያ።

“ኣብቲ ንዕኡ ዝረኸብክሉ ምሉእ ህይወቱ፡ ቅሩብ ህድእ ዝበለን ኣዝዩ ምቕሉልን ነይሩ። ንሱ ኣዝዩ ግኑን ምኳኑ ኩሉ ሰብ ከምዝዘረብ - ብዛዕባኡ ዚምልከት ሓበሬታ ረኺበ” ኢላ ተዛሪባ። “እዚ [ስታድዩም] ጥራይ እኹል'ዩ ምባል ምግናን ኪኸውን ስለዝኽእል፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ኣብ እትረክቡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ህይወትኩም ብመንፈስ ንኺህሉ እጽሊ። እቲ ንስኹምን ደቅኹምን እትደልይዎ ነገር፡ ቀጻልነት ዘለዎ ኮይኑ፡ ህያው፡ ዘይርምሰስን ዚትሓዝን ኪኸውን ኣለዎ።”

ዋና-ኣማሓዳሪ DCSD ዝኾነት Dr. Devon Q. Horton፡ ንኣሰልጣኒ Cobb ናይ ምርካብ ዕድል ብፍጹም ኣይነበሮን። እንተኾነ ግን፡ ብዛዕባ'ቲ ኣሰልጣኒ ዝህቦ ዝነበረ ትምህርትን ኣብ ኣትሌታት ተማሃሮ DCSD ድማ ዘምጽኦ እወታዊ ጽልዋን ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ።

“ሓደ-ሓደ ካብቶም ናይ ቅድም ተማሃሮኡ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ህይወቶም እወታዊ ጽልዋ ዘምጽኡ ከምዝኾነ ይገልጹ” ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ። “ካልኦት፡ ብዛዕባ'ቲ ዝኽተሎ ፍሉይ ዝዓይነቱ ኣገባብ ስልጠና ይዛረቡ፣ ጽንዓትን ቅንዕናን ብፍላጢ ኣብ ምህናጽ ከምዝዓዪ ድማ ካልኦት ሓቢሮም። ኣሰልጣኒ Napoleon Cobb፡ ኣዝዩ ብሉጽ ሰብ ነይሩ።”

XXX